**ሕብረት ምስ ሓድነት**

## ***ምስረታ ሕብረት ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ***

ድሕሪ ብዙሕ ፃዕርን ምውዳቕን ምትሳእን እንሆ ካብ ዕለት ጁን 02 ክሳብ 06 ጁን 2008 ***ሕብረት ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ*** **(ሕብረት)** ኣብታ ናይ ክልቲኡ ሕዝብታት ናይ ስልጣኔ መዲና ዝነበረትን ዘላን ከተማ ኣክሱም ወግዓዊ ዝኾነ ፈላማይ ጉባኤኡ ከም ዘካየደን ውድብ ከምዝመስረተን ንህዝብና ኾነ ንምሉእ ዓለም ነበስር።

***ሕብረት ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ*** **(ሕብረት)** መንእሰይ ማእከል ዝገበረን ዘሳተፈን፣ ሓድሽ ኣተሓሳስባን ራእይን ዝኸተል ፣ ኣብ ተግባር ዝኣምን፣ ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት እውን ዘላቂ ሰላም፣ ምርግጋእ፣ ድሞክራሲን ልምዓትን ከመይ ገይሩ ክመጽእ ከምዝኽእል ንጹር ራእይ ዘለዎ ምንቅስቓስ ኢዩ።

ከምኡ ውን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዉ ህዝብታት ከመይ ጌሮም ካብ ድኽነትን ልመናን ውርደትን ተላቂቆም ናብ ልምዓትን ብልጽግናን ክጓናጸፉ ከምዝኽእሉ ንጹር ራእይን ስትራተጂን ዘለዎ ውድብ ኢዩ።

ሕብረት ክንብል ከለና ነቲ ብዝኾነን ዘይኮነን ተኸፋፊሉ ዝርከብ ናይ ውድባት ኮነ ዘይ ውድባት ተቃወምቲ ንምትሕብባርን ንምስማርን ከምኡውን ፍትሓውን ዴሞክራሲያዊን ስርዓት ኣብ ኤርትራ ንምቋም ዝተመስረተ ህዝባዊን ዴሞክራያዊን ውድብ ኢዩ።

ሕብረት ምስ ብተግባር ብቕንዕናን ንፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ስልጣኑ ንምውራድን መሰረታዊ ለውጢታት ንምምጻእን ንዝቃለሱ ውድባት ኮነ ዘይውድባት ተቓወምቲ ንምትሕብብርን ንምስማርን ብሕብረት ንምስራሕን ድለዊ ምኻኑ የረጋግጽ።

*ብዝዕባ ውድብናን ምንቅስቃስናን ብዝምልከት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክለኣኸልና ብትሕትና ንሕብር።*

**ኢመይል** udme@live.com

**ቁጽሪ ቴሌፎን** +251912011928
+251911676467

***ኮሚቴ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ሕብረት ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ***

***ኣኽሱም ጁን 07 2008***